# ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ

ብ1960 ተ.ሒ.ኤ ምስ ተመስረተት ዝተጻሕፈ ቅዋም ኣብቲ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ – ህዝባዊ ሓይሊታት ዝሕተም ዝነበረ ብ1981 ዝወጸ መጽሄት ‘ ሰውራ ‘ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ 2006 ( ወብ ሳይት) ፋራጃት ከም ዘሎዎ ኣውጽኡ ስለ ዝነበረ ነዚ ኣገዳሲ ሰነድ ኩሉ ክጥቀመሉ ብማለት ኣብ ትግርኛ ቶርጊመ የቅርቦ ።

ዓብደላ ሓሰን ዓሊ

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ

መጽሄት( ሰውራ ) ነቲ ካብ ዓመት ንላዕሊ ብረታዊ ተጋድሎ ቅድሚ ምጅማሩ ብ1960 ኣብ ካይሮ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ክትምስረት ከላ ዝተጻሕፈ ቅዋም ብቀሊልን ብሩህን ዝኾነ ኣገባብን ገለጻን ንመንቀሊታትን ኣገባብን ዕላማታትን ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራን ፡ ከምኡ እውን ቀይድታትን ውድባዊ ቅርጻን ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ከምቲ ኣብዚ እዋንዚ ምሁራት ሰውራውያን ክእለቶም ንምርኣይ ካብ ዝኽተሉዎ ናይ ቃላት ምግናንን ህውተታን ምትሕልላኽን ብዝረሓቀ ኣገባብ ዝተጻሕፈ ሰነድ ንተደላይነቱ ከም ዘለዎ እንሆ ።

ቅዋም

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ

መእተዊ

ብስም እምላኽን ብስም ህዝቢ ኤርትራን....

ንሕና ብፍትሓውነት ጉዳይና እንኣምን ደቂ ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ ሓርነትናን ናጽነትናን ብትርን ብጽንዓትን ክንቃለስ ሓላፍነት ዝተሰከምና ኢና ።

ንሰውራዊ ስራሕ መጸዋዕታ ቅድሚ ምቅራብናን ኣብ ታሪኽ ብዙሕ ከይጠለቅናን ከኣ ሓጺር ክውንነት ህዝቢ ኤርትራ ክንገልጽ ንፈቱ ።

ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ጣልያን ዘሕለፍናዮ ስሳ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝተፈላለየ ጭቆናን መሪር ግፍዕን ዘውረደ ነይሩ ክበሃል ይካኣል ።

ብምዕዋት ሻራ ዝኾና ሃገራት ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ድማ ሓደ ገጽ ካብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ኩሉ መሪር ተሞክሮታቱን ቃንዛታቱን ተዓጽዩ ፡ ኣብ መዝገበ ታሪኽ ህዝብና ካልእ ሓዲሽ ገጽ ተኸሲቱ ። ትሕቲ መግዛእቲ ተቆሪነን ዝነበራ ሃገራት ከኣ መሰል ርእሰ ውሳነኤን ክጎናጸፋ ተስፋ ይገብራ ነይረን ። ነዚ ድሌታት ዘንጸባሪቅ ንደቂ ሰባት ኣብ ሰላምን ናጽነትን ክብረትን ዘሎዎም ተስፋ ዝሕሉ ቻርተር ከኣ ብሕቡራት መንግስታት ተሓንጺጹ ነይሩ ።

ይኹን እምበር ጉዳይ ኤርትራ ኣብ ጠቅላላ ባይቶ ሕቡራት መንግስታት ምስ ቀረበ በዚ ኣህጉራዊ ውድብ ብ 2 ታሕሳስ 1950 ካብ መትከላቱን ቻርተሩን ዝተኣልየ ፡ ንሓራ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ዘየእተወ ህዝቢ ውከሳ (ሪፈረንዱም ) ከይተገብረ ፡ ንኤርትራ ምስ መስፍናዊት ኢትዮጵያ ዘተኣሳስር ፡ ፈደራላዊ ሓድነት ተባህሉ ዝተሰየመ ፡ ንመሰል ርእሰ-ውሳኔ ናይ ኣህዛብ ዝሃረመ ሓደገኛ ውሳኔ ተመሓላልፉ ። ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ድማ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነዚ ኣህጉራዊ ውሳኔታትን ውዑላትን ዋጋ ከምዘይትህቦ ተረጋግጹ ።

ኢትዮጵያ ነዚ ፈደራላዊ ውሳኔ ብምጥላም ንኤርትራ ብሓይሊ ጎቢጣ ኣብ ትሕቲ ግዝኣታ ኣእተወታ ። ብወገን ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ጉዳይ ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ ዝተገብረ ፈተናታት ኩሉ ኮንቱ ኮይኑ ፡ ካብዚ ጸሊም መግዛእቲ ከድሕኖ ዝኽእል እንኮ ፍታሕ ምእዋጅ ሰውራ ምዃኑ ስለ ዝበራሃሉ ፡ ተጋደልቲ ኤርትራውያን ብንቅሓትን ሓቀኛ ተረድኦን ሰውራውነትን ንኤርትራ ሓራ ንምውጻእ ዝቃለስ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብሽም ህዝቢ ኤርትራ ክምስረት ወሰኑ ።

እንሆ ከኣ ናብቲ ዘድሊ ዕላማ ፡ ማለት ናጽነት ኤርትራን ምቛም ሪፓብሊካዊት ኤርትራን ዘምራሓና ናይ ስራሕ ሰነድ ዝኾነና ቅዋም ነቕርብ ።

ቀዳማይ ክፍሊ

ስም ፡ ዕላማ ፡ ሰንደቅ ዕላማ ፡ ኣገባብ ቃልሲ

ዓንቀጽ (1) ስም

እዚ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተባሂሉ ይጽዋዕ ።

ዓንቀጽ (2) ሰንደቅ ዕላማ

ሰንደቅ ዕላማ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እታ ኢትዮጵያ ዘውረደታ ናይ ኤርትራ ሰንደቅ ዕላማ እያ ።

ዓንቀጽ (3) ዕላማ

ምሉእ ናጽነት ኤርትራ ምርግጋጽን ፡ ሓድነት መሬት ኤርትራ ምዕቃብን ፡ ዲሞክራስያዊት ሪፖብሊክ ምቛምን እዩ ።

ዓንቀጽ (4) ኣገባብ ቃልሲ

ሰውራዊ ጎነጽ ዝተኸተለን ፡ ምስጢራዊ ባህሪ ዝሓዘለን ኮይኑ ወድዓዊ ኣድማዒ ኣገባብ ምኽታል

ሀ) ምንቅቃሕ ህዝቢ ኤርትራን ፡ ስምረት መሪሕነቱ ምርግጋጽን ።

ለ) ጉዳይ ኤርትራ ኣብ ወጻኢ ከም ዝፍለጥ ምግባርን ሓፈሻዊ ርእይቶ-ዓለም ንምኽሳብ ኣብ ኣህጉራዊ ጉባኤታት ምስታፍን ።

ካልኣይ ክፍሊ

ዓንቀጽ (5) ኣባልነት - ኣባልነት ዝዋሃቦ

ሀ) ዕድሜኡ ካብ 18 ዓመት ዘይውሕድ ኤርትራዊ ።

ለ) ብናጽነት ኤርትራ ዝኣምን ፡ ህርኩት ፡ እሙን ፡ ኣብ ስራሕ ተሓባባርን

፡ ንመስዋእቲ ቅሩብ ዝኾነን ።

ሐ) ማሕላ ተ.ሓ.ኤ. ዝፍጽም ።

ዓንቀጽ (6) መሰላት ኣባል

ሀ) ሓደ ኣባል ብስሪዒታዊ መስኖ ውድብ ኣቢሉ፡ ናብ ላዕለዋይ ባይቶ ርእይቶኡ ከቕርብ መሰሉ ሕሉው እዩ ።

ለ) ዝኾነ ኣባል ብመሰረት ክእለቱን እምነቱን ተወፋይነቱን ኣብ ናይ ምምራሕ ቦታ ክመጽእ መሰሉ እዩ ።

ሐ) ብዛዕባ ጉዳይ ኤርትራን ዝተፈላለየ ምዕባሌታቱ ከጽንዕን ክፈልጥን ዘኽእሎ ባይታ ይጥጣሓሉ ።

ዓንቀጽ (7) ግቡኣት ኣባል

ሀ) ምስጢራት ውድብ ይዕቅብን ፡ ኩሉ ግቡኣቱ ብንጽህናን ትርን ጽንዓትን ይፍጽም ።

ለ) ገንዘባዊ ሕግታት ውድብ ዝወሰኖ ወርሓዊ ውጽኢት ይኸፈል ።

ሐ) ሓደ ኣባል ብመሰረት ሕገ ህንጻ ውድብ ዝካየድ ውደባ (ስርርዕ) እንተዘይኮይኑ ካልእ ጎጃጃሊ ምትእኽኻብ ክገብር ብጥብቂ ክልኩል እዩ ።

መ) ኣባል ናይ ካልእ ውድብ ክከውን ኣይፍቀድን ።

ሳልሳይ ክፍሊ

ስርርዓዊ ቅርጻ ፡ ፈጻሚ ኣካል ፡ ውሽጣዊ ሕግታት ፡ መቕጻዕቲ

ዓንቀጽ (8) ኣወዳድባ

ሀ) ውድብ ብመሰረት ጉጅለታት ዝተሰርዔ ኮይኑ ብዝሒ ጉጅለ ካብ ሓሙሽተ ዘይውሕድን ካብ ሸውዓተ ዘይበዝሕን ይከውን ።

ለ) ጉጅለ ካብ ውድብ ዝመሓላለፈላ መምረሒታትን ውሳኔታትን ንምጽናዕን ንምትግባርን ኣብ ሰሙን ሓደ ግዜ ስሩዕ ኣኼባኣ ተካይድ ።

ሐ) ነፍሲ ወከፍ ጉጅለ ኣብ ጨንፈር ወካሊ ይህልዋ ።

ዓንቀጽ (9) ፈጻሚ ትካል

1. ላዕለዋይ ባይቶ

ላዕለዋይ ባይቶ ዝለዓለ ስልጣን ውድብ ኮይኑ ንዕኡ ተባሂሉ ብዝተሓንጸጸ ሕጊ መሰረት ይቖውም ።

2. ፈጻሚ ኣካል

ሀ) ፈጻሚ ኣካል ካብ ኣባላት ባይቶን ባይቶ ብዝሓጸዮም ኣባላት ውድብን ይቖውም።

ለ) ዕማማት ፈጻሚ ኣካል ላዕለዋይ ባይቶ ብዘጽደቖም ሕግታት መሰረት ይውሰን ።

ዓንቀጽ (10) ውሽጣዊ ሕግታት

ሀ) ምምሕዳራዊ ጉዳያት ውድብ ብመሰረት ፈጻሚ ኣካል ዝውስኖ ሕግታት ይስራዕ ።

ለ) ኩሉ ኣብ ሕግታት ዝጥቀስ ነገራት ምስ ትሕዝቶ ቅዋም ክጋጮ የብሉን ።

ዓንቀጽ (11) መቕጻዕቲ

ሀ) ብሽለልትነት ፡ ህኩይነት ወይ ከኣ ብዘይ ቅቡል ምኽንያት ካብ ኣኼባታት ዝቦኽረ ኣባል መግናሕቲ ይግበረሉ።

ለ) ገሊኡ ክስታት ፡ ላዕለዋይ ባይቶ ተሰማምዑሉ ዘጽድቖ ምስ ዝኸውን እቲ መቕጻዕቲ ካብ ምስጓግ ወይ ከኣ ክድዓት ናብ ዘብል ደረጃ የበጽሕ።

ራብዓይ ክፍሊ - ገንዘብ

ዓንቀጽ (12) ገንዘባዊ ምንጭታት ውድብ ፡-

ሀ) ኣባላት ዝኸፍልዎ ወርሓዊ ውጽኢታትን ወፈያታትን ።

ለ) ካብ ደገፍቲ ጉዳይ ኤርትራ ዝርከብ ወፈያታትን ሓገዛትን ።

ሐ) ኣወጻጽኣ ገንዘብ ብዝምልከት ንጥፈታት ቃልሲ ብዝሓቶ መሰረት ኣብ

ገንዘባዊ ሕግታት ብምምርኳስ ፡ ኣብ ጠቕሚ ጉዳይ ሃገር ይውዕል ።

ሓምሻይ ክፍሊ

ዓንቀጽ (13) ቃለ ማሕላ

ብናጽነት ኤርትራ ኣሚኔ ንምርግጋጹ ብእምነትን ቅንዕናን ጽንዓትን ክቃለስን

ምስጥራት ውድብ ክሳብ ሞት ክዕቅብን ብስም ልዑል ኣምላኽ ይምሕል ።

ዓንቀጽ (14) ምምሕያሽ ቅዋም

ጠቃሚ ተደላይነት ምስ ዝህሉዎ ፡ ካብ ጨንፈር ሽማግለ ወይ ከኣ ሓደ ሲሶ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ዘቕርቡዎ ርእይቶ ፡ ደገፍ ክልተ ሲሶ ካብ ኣባላት ባይቶ ምስ ዝረክብ ዝኾነ ዓንቀጽ ናይዚ ቅዋም ክመሓየሽ ይከኣል ።

Related Posts

None

Short URL: http://www.farajat.net/en/?p=2209

Source:

http://www.farajat.net/en/archives/2209

Accessed:

27 February 2014